# ኤርትራ፣ ምድሪ ባሕሪ

## ሓምሻይ ምዕራፍ

## ሓንካስ ተበግሶ

## 1



ደራሲ – ኣልኣሚን መሓመድ ስዒድ

**እድሪስ፡ ምስ ርህሩሃት ተቐማጦ ከተማ ከሰላ ንሸውዓተ ዓመታት ድሕሪ ምንባርን፡ ኣብ ውዑይን ዝሑልን ፖለቲካውን ቁጠባውን ናብራ ምስታፍን፡ ብ1964 ናብ ዓደቦ ክሳግም ወሰነ። ኣብታ ኣብ ዶብ ሱዳንን ኤርትራን እትርከብ ዓዲ ሹክርያ [1] ኣብ ዝኣተወሉ፡ ብኣጋጣሚ ምስ ሓደ ኣግማል ዝጓሲ ጎበዝ ተራኺቡ፡ ሰላምታ ድሕሪ ምልውዋጥ ተበግሶ ብምውሳድ፡-"ኩነታት ከባቢኹም ከመይ ኣሎ?" ዝብል ቀጥታዊ ሕቶ ኣቕረበሉ።**

**ጓሳ፡ ምስ እድሪስ እናኣዕለለ፡ ናብቶም ነቲ ከባቢ ዝከታተላ ነቑጣታት ገለ ኣሃዱታት ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ንዝኾነ ዝጠርጠርዎ ጠያይቲ ከም ማይ ዘዝንቡ ወተሃደራት እናተኸታተለ፡ ነቶም ብማዕዶ ዝርእዮም ዝነበረ ብጾቱ ንኸጽበዩዎ ክጽውዕ፡ ኣብ ኣእምሮኡ እናኣሰላሰለ፡-"ኣብ'ዚ ከባቢ እንታይ ከምዝተኻየደን ዝካየድ ዘሎን ሰሚዕካ ኣይትፈልጥን ዲኻ?" ንእድሪስ እናጠመተ ሓተቶ።**

**እድሪስ፡ ዝሰምዖ ስለ ዘይተረደኦ፡-"ወጋሕታ ካብ ከተማ ከሰላ ተበጊሰ፡ ክሳዕ ሕጂ ብዘይካኻ ዘጋጠመኒ ሰብ የለን።" በለ።**
**ጓሳ፡-"ሰራዊት ኢትዮጵያ፡ ካብ'ዚ ካብ ርብዒ ሰዓት ዘይርሕቕ ከባቢ ዓስኪሮም ኣለዉ።" እናላህለህ መለሰ።**

---

**(1) ሹክርያ ኣብ ዶብ ኤርትራን ሱዳንን እትርከብ ዓዲ ኾይና፡ ተቐማጦኣ ኣካል ህዝቢ ኤርትራ ከም ዝኾኑ ዝኣምኑ፡ ኣብ ሞጓሰን ንግድን ዝነጥፉ እዮም።**

እድሪስ፡ ቅሩብ ቅድሚ ሕጂ ዘይኣስተብሃለሉ ፍርሒ እናተሰመዖ፡ ብዝያዳ ከረጋግጽ፡-“ትብሎ ዘለኻ ኣይተረዳኣንን፡ ክሳዕ ሕጂ ዝተዓዘብኩዎ ወይ ዝሰማዕኩዎ ፈጺሙ የለን። ኣብ ሱዳን ዝነብር፡ ንስድራይ ክርኢ ዝመደብኩ፡ እዚኣ ድማ በዓልቲ-ቤተይ እዚኦም ድማ ደቀይ መንሱርን ዘይነብን ይበሃሉ። ካባኻ ብሕጂ ዝደልዮ እንተሎ፡ መገዲ ክትሕብረኒ ጥራሕ'ዩ።” ከይተሰከፈ ንዝነበሮ ሓሳብ ኣካፈሎ።

እቲ ጓሳ፡ እድሪስ ዝተረደኦ ከም ዘይመስል ስለ ዝገምገመ፡ ንየማነ-ጸጋም ናብ'ቶም ጓሳት ብጾቱ እናጠመተ፡-“ድሕሪ ኵናት ቶጎሩባ ሪኢናዮም ዘይንፈልጥ ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ'ዚ ከባቢ ብጻዕቒ ይንቀሳቐሱ ኣለዉ። ይኹን'ምበር፡ ክሳዕ ሕጂ፡ ነዚ ኣብ ቅድሚኻ ዘሎ ንእሽቶይ ሩባ ዓድና ዓዲ ሹኽርያ ኣይረገጽዎን ዘለዉ፡ ረቢ ይመስገን።” ታህዋኽ እናኣረኣየ፡ ቀጺሉ፡-“ናብ ዝመጻእካሉ እንተ ተመለስካ ይሓይሽ ክብለካ እፈቱ።” ክብል ዝነበሮ ምኽሪ ለገሰ።
እድሪስ ብዛዕባ ኣዘራርባ'ቲ ጓሳ እናተገረመ፡ ክምልስ ድማ ስለ ዝነበሮ፡-“ዝምለሰሉ ቦታ ስለ ዘይብለይ፡ ናበይ ክምለስ ደሊኻ? ዕላማይ፡ ናብ'ታ ኣብ ኣውራጃ ሰምሃር እትርከብ ዓደይ፡ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ክበጽሕ'ዩ ድልየተይ።”
ብትሪ ተዛረበ።

እቲ ጓሳ ቅሱን ብዘይምንባሩ፡ ካብ ሕቶታት እድሪስ ክገላገልን ከሃድምን ጥራሕ እናሓሰበ፡-“ኣይተሓዘለይ፡ ዘለናዮ ሃዋሁ ትስሕቶ ስለ ዘይመስለኒ፡ ደፊረ ክሕግዘካ ዝከኣል ኣይኮነን፡ ምኽንያቱ ኣግማለይ እናረኣኹወን ክኸወላኒ ጀምረን ስለ ዘለዋ ከይስእነን ድማ ፈርሐ ኣለኹ። ብጾተይ ምናልባት ኮለላ ዝገብሩ ኣሃዱታት ጸላኢ ከይረኽብዎምን ኣብ ልዕለኦም ግፍዒ ከይፍጸሞም ይሰግኡ ስለ ዘለዉ ዝጽበዩኒ ኣይመስሉን'ዮም። ንዓኻን ንስድራ-ቤትካን ዝሓሸ ኾይኑ ዝስመዓኒ፡ ናብ'ቲ ዝመጻእኹምሉ እንተ ተመለስኩም ይሓይሽ ክብል ደጊመ እመኽረካ” ኢሉ፡ ንኣግማሉ ከረክብ ተዓዘረ።

እድሪስ፡ ምኽሪ'ቲ ጓሳ ክሰምዕ ናይ ግድን ስለ ዝኾኖ፡ ምስ በዓልቲ-ቤቱ ወይዘሮ ፋጥማ ብምስምማዕን ምርድዳእን፡ ንከተማ ከሰላ ክምለሱ ተሰማምዑ።
ጸሓይ እናዓረበት፡ እድሪስ ምስ ስድራ-ቤቱ ንከተማ ከሰላ ኣተወ። ተቖላጢፉ ከይተሰከፈ፡ ማዕጾ ገዛ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ምስ ኳሕኰሐ፡ ብዘይ ተጸበይዎ ክልቲኦም ኣዕሩኽ ጎፍ-ንጎፍ ተራኸቡ። እድሪስ ቀልጢፉ ንከሰላ ክምለስ'ዩ ዝብል ኣብ ግምት ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ስለ ዘይነበረ፡-“መርሓባ እድሪስ ሓወይ፡ ቀልጢፍኩም ተመሊስኩም ደሓን ድኹም? ብናተይ ግምት ሕጂ ኣብ ገሊኣን፡ ኣብ ዶብ ዘለዋ ዓድታት ኤርትራ ኣለኻ ዝብል ግምት'ዩ ዝነበረኒ።” በለ፡ ስንባደ ብዘመልኦ ድምጺ።

እድሪስ ንሻቕሎት ዓርኩ ክቕንጥጥ ብምድላይ፡-“ከም'ቲ ዝሓሰብናዮ፡ ብዘይ ገለ ጸገም ተበጊስና እናተጓዓዝና ከሎና፡ መሬት ዓዲ ሹክርያ ምስ በጻሕና፡ ካብ ሓደ ኣግማል ዝጓሲ መንእሰይ፡ ገለ ኣሃዱታት ሰራዊት ኢትዮጵያ ኣብ ከባቢ ዓዲ ሹክርያ ይንቀሳቐሳ ስለ ዘለዋ፡ ናብ'ቲ ዝተበገስናሉ እንተ ተመለስና፡ ናይ ግድን እንተኾነ ድማ፡ ሰራዊት ጸላኢ ካብ'ቲ ከባቢ ምስ ተኣልየ ትምለሱ ዝብል ምኽሪ ለገሰልና።” ቀጺሉ'ውን፡-“መሬት ዓደቦ በዚ መንገዲ ብሰላም ንምብጻሕ ዝሓሸ

ምርጫ ኮይኑ ስለ ዘይረኸብክዎ፡ ጉዕዞይ ኣቛርጸ ንከሰላ ክምለስ ወሲነ።” ክብል ንውሳነኡ ኣብረሀ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ በቲ እድሪስ ዝበሎ እናተሰማምዐ፡ እድሪስን ስድራ-ቤቱን፡ ክሳዕ ዳግማይ ንዓዶም ዝምለሱ ምስኡ ኣብ ገዝኡ ክጸንሑ ፍቓደኛ ከም ዝኾነ ብንጹር ሓበሮ። ተቐላጥፉ ድማ፡ ንድራር ዝኸውን ጅብና ገዛ ወይ ኣጅቦ ዝተነስነሶን ብዘይቲ ዝተዳወሰ ፉል፡ ውዑይ ባኒን ጣዕምያን፡ ካብ ኣብ ቀረበኡ ዘሎ በዓል ዱኳን ገዚኡ ኣቐረበሎም።

ኩሎም ዝተቐረበሎም ድሕሪ ምድራር፡ እድሪስ፡ መንሱር፡ ማሕጁብን ወዲ ሓው'ብኡን ናብ'ቲ ኣብ ቀረበኦም ዘሎ መስጊድ ተታሕዞም ድሕሪ ምኻድ፡ ሰላት ኣልዒሻ ምስ ሰገዱ፡ ነፍሰ-ወከፍ ንኽድቅሱ ናብ ዝተነጸፈሎም ቦታ ኣምረሑ።
ወጋሕታ፡ እድሪስ ንሽንቲ ቤት ብምኻድ ደገ ድሕሪ ምውጻእ፡ ኣእዳዉን ኣእጋሩን ተሓጺቡ ናብ መስጊድ ኸደ። ግዜ ከይሓለፈ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ኣርከቦ፡ ምስ ኩሎም ምእመናን፡ ናይ ወጋሕታ ሰላት ብሓባር ሰጊዶም። ክልቲኦም ኣዕሩኽ ገዛ ምስ በጽሑ፡ ወይዘሮ ፋጥማ ድሮ ተንሲኣ ብምንባራ፡ ተቐላጥፋ ንቁርሲ ዝኸውን፡ ገለ ሉጌማትን[1] ብሽኮትን፡ ጸባ ብሻሂ ኣዳልያ ኣቐረበትሎም።
ድሕሪ ሳልስቲ፡ እድሪስ ምስ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ኣብ'ታ ልምድቲ እንዳ ሻሂ እናተዘናግዑ፡ እድሪስ፡-“እቲ ዝሓሸ ብሰላም ንዓደይ፡ ዓዲ ሸኽ ሓሊብ ዘብጽሕ መገዲ ፖርት-ሱዳን፡ ቶኮርን ቃሮራን ከምዝኾነ ኣረጋጊጸ ስለ ዘለኹ፡ ንስድራ ሒዘ ክብገስ ሓሲበ'ለኹ።” በለ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ ዓርኩ ገና ድኻም ጉዕዞ ዓዲ ሹኽርያ ከይተቐንጠጠሉ፡ ብከተማ ፖርት-ሱዳን ናብ'ታ ዝወጠንኩዋ ኣንፈት ክብገስ'የ ምባሉ ደስ ስለ ዘየበሎ፡-“ታህዋኽ እንታይ ኣድለየ? ገና ናብ ዝደለኻዮ ክትበጽሕ ግዜ ስለ ዘሎካ፡ ከተርክበሉ'ኻ።” ኢሉ ብሓውሲ ምኹራይ መለሰ።
እድሪስ ብወገኑ፡-“እቲ ዝኸድናዮ ጉዕዞ እግሪ ኣድካሚ ብዘይምንባሩ፡ ደሓን'ዩ። ዝኾነ ድኻም ድማ ኣይስመዓኒን ዘሎ።” ሕጽር ብዝብለ መለሰ።
ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ነቲ ዝሰምዖ ክጻወሮ ብዘይምኽኣሉ፡-“ዘረባይ ከይሰማዕካ ንኽትበጽሖ ወይ እትደልዮ ብምድራኽ ወይ ብምግታር ክፍጸም ኣይከኣልን'ዩ። ናብ ዝኾነ ንፖርት-ሱዳን ይኹን ንኻልእ ከባቢ ሱዳን፡ ብዘይ ናተይ ፍቓድን ርድየትን ክትንቀሳቐስ ኣየፍቅደልካን'የ።” ሕርቃን ብዝተሓወሶ መለሰ።
እድሪስ፡ ንፖርት-ሱዳን ክኸይድ ዝሓተቶ ፍቓድ ታህዋኽ ዝመልኦ ከም ዝኾነ ብምስትብሃል፡ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ተቐጢዑ ከም ዘሎ ስለ ዝተገንዘበ፡ ተቐላጥፉ፡-“ክርብሽካ ኣይፈተኹን። ንዓይን ንስድራ-ቤተይን ዝገበርካዮ ቀሊል ብዘይምዃኑ፡ ዝፈትዎን ዘኽብሮን ሓወይን ዓርከይን ከም ዝኾንካ ዝዝንግዖ ስለ ዘይኮንኩ፡ ብዛዕባ መገሻ ብፖርት-ሱዳን ንዝሓተትኩዎ ወይ ዝበልክዎ፡ ናይ ታህዋኽ ብምንባሩ ኣይተሓዘለይ። ይቕረታ ድማ እሓትት። እቲ ጉዕዞ መዓስን ብኸመይን ከም ዝኸውን፡ ኣብ መጻኢ መልሲ ክትረኽበሎም ብቕንዕና ንዓኻ ገድፈዮም ኣለኹ።” በለ ንዓርኩ ንምህዳእ።

---

(1) ሉጌማት ካብ ሕሩጭ ስርናይ ዝተሰርሐን ብዘይቲ ዝተጠብሰን ሓውሲ ብሽኮቲ ዝኾነ መግቢ'ዩ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ፡ በቲ ካብ እድሪስ ዝሰምዖ እንዳተሓጎሰ፡ እድሪስ ከም ዝፈትዎን ዘኽብሮን ብፍጹም ስለ ዘይጠራጠር፡-“ትማሊ ኣብ ቤት ትምህርቲ ሙርቐኒያ ከም መምህር ዝሰርሕ፡ ቅድሚ ሕጂ ንመንሱር ቤት ትምህርቲ ርኸበሉ ዝበልናዮ፡ ዑመር ዓብደላ ዝበሃል ዘፋለጥኩኻ ናይ ቀደም ዓርከይ ረኺበዮ ኔረ።” ቅሩብ ምስ ኣስተንፈሰ፡ ኣስዕብ ኣቢሉ፡-“ዝረባ ከይኣብዛሕኩልካ፡ ዑመር ንገለ ዝፈልጦም፡ ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ዝኾኑ፡ ንዓኻን ንስድራ-ቤትካን ብፖርት-ሱዳን፡ ናብ ኤርትራ ከእትዉኹም ዝኽእሉ ሰባት ከናድየልና ሓቲተዮ። ዑመር ዓብደላ ሱዳናውን ኤርትራውን ብምዃኑ፡ ኣባል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ’ውን ስለ ዝኾነ፡ ንዝኾነ ኣውራ ንኤርትራዊ ክሕግዝ ግቡእ ከም ዝኾነ ስለ ዝኣምን፡ ነቲ ብወገነይ ዝጠለብኩዎ ከማልኦ ከም ዝኾነን ከም ዝኽእልን ብምትእምማን ኣረጋጊጹለይ።” ኢሉ ንሕቶን ሻቕሎትን እድሪስ ብግቡእ ክምልስ ፈተነ።

እድሪስ ሓጎሱ ወሰን ስለ ዘይነበሮ፡-“ብኸመይን መዓስን ብፖርት-ሱዳን፡ ናብ ኤርትራ ክንሰሉኽ ይከኣል?” ክብል ካብ ዓርኩ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ዘረዊ መልሲ ንኽረክብ ሓተተ።

ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ንታህዋኽ እድሪስ ኣብ ግምት የእትዩ፡-“ምስ ዑመር ዓብደላ ዘሎ ተኽእሎ መደብ ጉዕዞ ክሕብረኒ፡ ዳግማይ ኣብ ቀረባ ክንራኸብ ድሮ ተሰማምዕና ኣሎና፡ ኣይትሰከፍ።”

ዝብል መልሲ ሃበ።

ድሕሪ ሳልስቲ ኣቢሉ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ምስ እድሪስ ብምርኻብ፡ ነቲ ዑመር ዓበደላ ዝወጠኖ ጉዕዞ ብዝምልከት፡-“ጽባሕ ምስ ስድራ-ቤትካ፡ ኣብ’ቲ ናብ ከተማ ፖርት-ሱዳን ሰዓት ሸሞንተ ቅድሚ ቀትሪ ዝብገስ ባቡር ምድሪ ክትነቅል ካብ ሕጂ ተዳሎ። ገለ ካብ ሰረቕትን ከተርትን፡ ካብ ንዝኾነ ኤርትራዊ ዜጋ ከጋፍዑ ድሕር ዘይብሉ፡ ኣባላት ስለያ ሱዳንን ካልኦትን ከድሕኑን ክከላኸሉን ዝኽእሉ ኣዕሩኽ ንምድላይ፡ ንዓርክና ዑመር ዓብደላ ሓቢረዮ ኣለኹ።” ክብል ሓውሲ መብርህን ሓበሬታን ሃበ።

ብመሰረት ዝተገብረ መደብ፡ እድሪስን ስድራ-ቤቱን፡ ኣብ’ቲ ብከተማታት ዓጥበራ፡ ሃያን ጀበትን(1) ሰንጢቑ ንከተማ ፖርት-ሱዳን ዝብገስ ምድረ-ባቡር ንምስቓል፡ ኣብ መደበር ባቡር ከተማ ከሰላ ኣብ ልክዕ ግዜኦም በጽሑን ኣብ ዝተመደበሎም ሰድያታት ድማ ኮፍ-ኮፍ በሉ፡ ማሕጁብ ኣልጃዓሊ ብኣኽብሮትን ፍቕርን ንነፍሰ-ወከፎም እናሰዓመ ኣፋነዎም። ድሕሪ ናይ ዓሰርተ ሰለስተ ሰዓት ኣድካሚ ጉዕዞ፡ ባቡር-ምድሪ ኣብ መደበር ከተማ ፖርት-ሱዳን ክኣቱን፡ እቶም ንእድሪስን ስድራ-ቤቱን ክቕበሉ ዝተመዘዙ ኣባላት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ብጽቡቕ ተቐቢሎም፡ ዝኾነ ዘጋጠመ ሽግር ወይ ዝጎደለ ነገር እንተነበረ ንምፍላጥን ንምርግጋጽን ምስ ሓተቱ፡ ዋላ ሓደ ዘጋጠመ ሽግር ከም ዘይነበረ ምስ ኣረጋገጹ፡ ነታ ስድራ ኣብ’ታ ንደም ሰዋኪን(2) እትብገስ ንእሽቶ ኣውቶቡስ ኣስቂሎም ናብ ናይ ሓደ ኤርትራዊ ምውቕቲ ገዛ ከም ዝኣትዉን ኣብኣ ከም ዝሰፍሩን ገበሩ።

እድሪስ ድሕሪ ሰሙን፡ ምስ ሓደ ኣባል ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ፡ ዝድለ ጻዕሪ ምስ ኣካየደ፡ ንእድሪስን ስድራ-ቤቱን ንከተማ ቶከር ሒዙ ዘበጽሕን ኣብ ዘተኣማምን

---

(1) ኣብ ምብራቕ ሱዳን ዝርከባ ከተማታት።

(2) ሓንቲ ካብተን ኣብ ከተማ ፖርት-ሱዳን እትርከብ ዞና።

ገዛ ዘእቱን፡ ሓደ ኣባል ቀቢላ ዓርተጋ [3] ወናኒ ኣውቶቡስ ዝኾነ ተደናጋጻይ ረኺቡ ናብ ከተማ ቶከር ብሰላም ከም ዝኣትዉ ገበረ።

ንጽባሕቱ እድሪስ፡ መግብን ጽሩይ ማይን ዝጽዕኖም ዱልዱላት ክልተ ኣግማል ተኻርዩ፡ ነቲ ብኣውቶቡስ ንቶከር ዝተማለኦምን ዘኣንገዶምን ኣባል ቀቢላ ዓርተጋ ኣመስጊኑ ኣፋነዎ። ድሕሪ ናይ መዓልቲ ወይ ሰዓታት ኣድካሚ ጉዕዞ፡ ኣብ እታ ብወሕጅ ሩባ ባርካ ክሳብ ዓንቐራ ዝመልኣት መራፌት ዝተባህለት ከባቢ በጽሑ።
እድሪስ ኣብ መራፌት ምስ በጽሐ፡ ኣብ ሓንቲ ካብተን ንሓውሲ ከተማ ቃሮራ ዝጓዓዛ ኣውቶቡሳት ሎሪ ምስ ስድር-ቤቱ ተሳፈሩ። ኣብ ገማግም ባሕሪ ዝተዶከና ዓድታት ዐተርባ፡ ዓጊግን ካልኦትን እንዳተዓዘበን ኣስተማቐረን፡ ድሕሪ ኣርባዕተ ወይ ሓሙሽተ ሰዓት ናብ'ታ ዝጽበይዋ ዝነበሩ ቃሮራ ኤርትራ ምስ በጽሑ፡ ምስ ሓደ ጃብር ባናይ ዝተባህለ ኤርትራዊ ወዲ ናቕፋ ድማ ንውስናት መዓልታት ኣብ ገዝኡ ኣዕረፉ።

[3] ዓርተጋ ሓንቲ ካብተን ኣብ ፖርት-ሱዳንን ቶከርን ስፊሕ ዝርጋሐ ዘለዋ ቀብላ ብሄር ሃደንደዋ ወይ ብኤርትራዊ ኣጸዋውዓ ብሄር ሕዳርብ'ያ።